መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# የሱስ ዓሰርተ ክልተ ደቂ መዛሙርቲ ከም ዝመረጸ



ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Byron Unger; Lazarus

ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.

ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ

Alastair Paterson

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

የሱስ ኣዚዩ ግሩም ነገር ገበረ። ሕሙማት ኣሕወየ፡ ንዝተጨነቑ ንልቦምን ንኣእምሮኦምን ሰላም ሃቦም፡ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ድማ ይምህሮም ነበረ።



ብዙሓት ህዝቢ ድማ ናብ የሱስ ክፍወሱ ይመጹ ነበሩ።
የሱስ ድማ ነቶም ህዝቢ ዝመርሑን ዝሕግዝዎን
ዓሰርተ ክልተ ደቂ መዛሙርቲ ሓረየ።





ሓደ ፍሉይ ነገር
ክትመርጹ ከለኹም
ንእግዚኣብሄር
ትሓትዎ ዶ? የሱስ
ከምኡ እዩ ገሩ።
ኣብ ሓደ ጽምዋ ጎቦ
ደዪቡ ንናይ ሰማይ
ኣቡኡ ተዛረበ።
ክሳብ ጸሓይ
ትዓርብ ድማ
ይጽሊ ነበረ።


የሱስ ምሉእ
ለይቲ ጸለየ።

ምስ ወገሐ ድማ ነቶም ደቂ መዛሙርቱ ጸውዕም-
ኵሎም የዕርኽቱ ዝተኣዘዝዎን ዝሰምዕዎን እዮም
ዝነበሩ። ካብኣቶም ድማ ዓሰርተ ክልተ
ሃዋርያት ዝኾኑዎ መረጸ።



እቶም መጀመርታ የሱስ ዝመረጾም ኣሕዋት እዮም ኔሮም፡ ስምኦን ጴጥሮስ ኢሉ ዝጸውዖን ሓዉ ድማ እንድርያስ። ናይ ዓሳ ምግፋፍ ስርሖም ገዲፎም ድማ ንየሱስ ሰዓብዎ።



ያእቆብን ዮሃንስን ደቂ
ዘብዲዮስ ውን ምግፋፍ
ዓሳ ገዲፎም ሰዓብዎ።



የሱስ መሊሱ ውን ን ፍሊጶስ፡ ጶርጬመሎስ፡ ማቴዎስ፡ ቶማስ፡ ስምኦን፡ ያእቆብ ወዲ እልፊዮስ፡ ይሁዳ ሓው ንያእቆብን ይሁዳ ኣስቆርታዉን እቲ ድሒሩ ንየሱስ ዘትሓዘን እዮም ዝነበሩ።





የሱስ ከምዚ ኢሉ መሃሮም፡ ቃሉ ሰሚዑ ዘተግበሮ ከምቲ ቤቱ ኣብ ጽቡቅ ዝሰርታ እዩ በሎም። ንሳ ማዕበል ወይ ንፋስ ምስ

ዝመጽእ ኣይትፈርስን እያ።

እቲ ቃል ኣምላኽ ሰሚዑ ዘይገብሮ ግን " ቤቱ ኣብ ሑጻ
ዝሰርሓ ሰብኣይ እዩ ዝመስል፡ ማዕበል ወይ ንፋስ ምስ
መጸ ድማ ትወድቕ።



ገለ ካብ ትእዛዛት የሱስ ቀለልቲ ኣይነበሩን።
"የማነይቲ ገጽካ ዝጸፍዓካ እታ ካልኣይቲ
ውን ምለሰሉ" ኢሉ ምሃሮም።
"ጸላእትኹም ኣፍቅሩ"። ሰባት
ከም የሱስ ንክነብሩ ናይ
እግዚኣብሄር
ሓገዝ
የድልዮም
እዩ።



የሱስ መሊሱ ነቶም ህዝቢ
በሎም ክትጽልዩ ከለኹም
ተሓቢእኩም ጸልዩ፡ ከምቲ
ካልኦት መራሕቲ ዝገብሩዋ
ጸሎትኩም ሰባት ምእንቲ
ክርእዩልኩም ኣብ ቅድሚ
ሰባት ኣይትግበሩዋ በሎም።



የሱስ በሎም እግዚኣብሄር ነቶም ዝእምንዎ ሰባት ይምግቦምን ይኸድኖምን። ከምቲ እግዚኣብሄር ምግቢ ነዕዋፍ፡ ጽቡቅ ሕብርታት ድማ ንዕንባባትን ኣታኽልትን ዝህቦም፡ ነቶም ዝኣምንዎን ዝስዕብዎን ድማ ኩሉ ዘድልዮም ይህቦም እዩ።





የሱስ ነቶም ሓደሽቲ ደቂ
መዛሙርቲ ድማ ብዙሕ
ትምህርቲ መሃሮም።
ምስ ወድኣ ድማ ሓደ
ለምጻም ናብ የሱስ
ክፍውስ ክልምኖ መጸ።



የሱስ መለሰሉ፡ "ክትፍወስ ኢካ ክትነጽህ ድማ ኢኻ በሎ"። እቶም ደቂ መዛሙርቲ እንዳረኣዩዎ ከለዉ ድማ እቲ ልምጻም ተፈወሰ። ወዲ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ከምዚ ዝገብር። ደቂ መዛሙርቱ ድማ ኣዚዩ ድንቂ መራሒ ከም

ዘለዎም ፈለጡ።

የሱስ ዓሰርተ ክልተ ደቂ መዛሙርቲ ከም ዝመረጸ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴዎስ 4-7፡ ማሪቆስ 1፥ ሉቃስ 6

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130


መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ
ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት
ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ
ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን
የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ
3።16